# ጀጋኑ ሰውኣትና ሳላኹም ብነጻነት ንነብር ኰሪዕና!






ስለ'ቲ ክብረት፡ ስለ'ቲ ርዝነት፥ ስለ'ቲ ትርጉም፡ ናይ'ዛ ክብርቲ ዕለት፥
ስለ'ቲ ስኒ ምንካስ፡ ስለ ጽንዓት፥ ስለቲ ምትሕልላይ ትርጉም ብጻይነት፣
ስለ'ቲ ሓያል መትከል ተወፋይነት፥ ስለ'ቲ ፍቕሪ ክሳብ መስዋእትነት፥
ስለ ርእሰ ምርኰሳ ብተኣማንነት፥ ስለቲ ብሩህ ራኢ ንኹሉ ማዕርነት፣
ስለ'ቲ ቅያ ናይ ቃልሲ ሕመረት፣ ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ ቅዲ ኰነት፣
እወ ስለ ትሕትና ምቕሉልነት፥ ፍቖዱልና ንሎሚ ስለዛ ክብርቲ ዕለት።
ስለዛ 20 ሰነ ስምኩም እትጽውዕ፥ ገለ እባ በሉና ደሃይኩም ክንሰምዕ፣
ቅንዕ እስከ በሉ ብሕልና ነዋግዕ፣ ተንትኑዎ ኲሉ ሕድርኹም ዘጽንዕ።
ቅያ ታሪኽኩም ኣዝዩ ዘኹርዕ፣ ብግልጺ ዘርዝሩዎ ንያትና ኪትርንዕ።
ሕሹኽ በሉና ከብዲ ዘደናፍቕ፣ ናፊቕናኩም ኢና ዘይብሉ ሕብእብእ።
ንደሊኮ ኢና ዝርንዛሕ ክንነብዕ፣ ፍርሒ መሲሉዎ ግን ጸላኢ ከይኰርዕ፣
ፍናን ረኺቡ ብተስፋ ከይጐስዕ፣ ንውሽጢ ልብና'ዩ ንብዓትና ዝነዝዕ።
ብጹኣን'ኹም ዳርጋ መላእኽቲ፣ ሂወት ዝኸፈልኩም ንሃገር መስዋእቲ።
ገባሮ ሽቃሎ ምሁራን ተመሃርቲ፥ ብሓንቲ ልቢ፡ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ፣
ውዕሎኹምሲ ቅያ'ዩ ትንግርቲ፣ ሃይማኖትኩም ሃገር ጠሚራ ብሓንቲ፣
ንመስዋእትኹም የለን መማዝንቲ፣ ነጻነት ሂብኩምና ክንህሉ ምእንቲ፣
ሕድሪ ተረኪብና ከነሰስን ምህርቲ፥ ብረሃጽና ክንሃንጻ ሃገርና ክብርቲ።
ንደቕና ከነውርስ ታሪኻዊ ርስቲ፥ ክብርታትና ኪዕቅቡ ከየትረፉ ሓንቲ።

እወ ንሎምስ ስምዑና፡ ጽን በሉ፤  ፍረ ገድልኹም ጸብጻብ ክትቅበሉ።
እቲ ክቡር ሂወትኩም ብሓላሉ፤ ንኽንቱ ኣይተረፈን ብላሽ ተኸፊሉ፤
ሓፋሽ ሰሚሩ'ዩ ኣለናልኪ ኢሉ፤ ዋርሳይ ከኣ ኣጽኒዑ ሕድሪ ተቐቢሉ።
ህዝብና ብሓደ ሰሚሩ ከም ኣመሉ፤ ብዓወት ንሓፋሽ ፈናጢሱ ንኸሉ።
መቓብርኩም ለምሊሙ'ዩ ጠሊሉ፤ ሓቦ ኒሕ ጽንዓት ውርሻ ፈልፊሉ።
ዓለምሲ ወዲኣቶያ ኔራ ንኸይንህሉ፤ ኣይምሃለናን'ኮ እንተዘይተትክሉ።
እንቋዕ ግን ኣይረኣኹሞ ዘጋጠመ፤ ክድዓቱ ጥልመቱ ኮሉ ዝተኣልመ፤
እቲ ብእኩያት ተሓርዩ ዝኸደመ፤ ኲናት ዝወልዓልና ብሰበብ ባድመ፤
ወያነ'ዩ እቲ ብኣኹም ዝተዓለመ፤ ጐይተቱ ኣሚኑ ኲናት ዝኣመመ።
ንዓና ከጥፍእ ንህዝቡ ዝለከመ፤  ክምህሮምየ እናበለ ንዓለም ዘጽመመ፤
ጋኔን ኰይኑ ዕንወት ዝረዓመ፤ መቓብርኩም ኣዕንዩ ልብና ዘሕመመ።
ንስለ ገባቶ ንኣፍሪቃ ዝጠለመ፤ ኤርትራውያን ሰጕጉ ታሪኹ ዘጸለመ።
ሕማቕ'ዩ ንሱስ እንቋዕ ተረፈኩም!  ቅሳነት ከሊኡ ገለ ከይተናኽፈኩም!
ቅሰኑ ጥራይ ቅር ኣይበልኩም፤   ዋርሳይ ይከኣሎ ኣሎ ኣብ ኣሰርኩም።
ኣብ ሃገር ዘሎ ሓፋሽ ህዝብኹም፥ ምስ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ደቂዓድኹም፤
ከቲቱ መኪቱ ንዓለም ብዘገርም፤ መጕቱ ብሓቂ ተዓዊቱ ብዘስደምም።
ርእሰ ምርኰሳ መምርሒኹም፤  ኣብነት'ዩ ንፈታዊ ንጸላኢ ዘሕምም።
መሬት ዓዲሃገር ይሸየጥ ይባድም፤ መሬትኩም ግን ዝያዳ ይልምልም።
ስዉኣትና'ወ ኩሉኹም ጆጋኑ፤ ብኣካል እንተተፈለኹም ግድን ከይኑ፤
ኣብ ልብና'ዩ ሰፈርኩም ተሓቢኑ፤ ሞይቶም ዚብለናኸ መን'ዩ ኰይኑ።
ብደዎም ዝሞቱስ እነሆ ተወሲኑ፤ ብጋህዲ ርኢናዮም ንወያነ ኪልምኑ።
ወግሐ ጸብሐ ሓሶታት ኪጥቅኑ፤  ከም ጨለ በጊዕ ብገንዘብ ኪሸነኑ።
ጐይተቶም ዘዝበልዎ እናኣመኑ፤ ውድቀት ኤርትራና ኪርእዩ ዚህነኑ።
የድሕነና ካብዞም ንቡር ዝሰኣኑ፤ ብሂወቶም ሓመድ ድብ ዝተደፍኑ።
ቅሰኑ ስማእታትና ቀሲና'ያ ዓዲ!  ባህግኹም ተፈጺሙ ብዕሊ ብጋህዲ።
ዋርሳይ ይከኣሎ ሃኒጹ መንገዲ፤  ንኹሉ ዘራኸብ መጕየዪ መኹደዲ።
ህዝቢ ቀሪቡ ንትምህርቲ መኣዲ፤ ንምዕባሌ ኣቋሚቱ ተረካቢ ትውልዲ።
ሓጽብታት ሃኒጻ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ፤  ጸጊባ ሓዲራ ኤርትራዊት ከብዲ።
ጸጋታት ጀሚሮም ክሕለቡ ሰልዲ፤ ኤርትራ ኣብነት ኰይና መዛመዲ።
ኤርትራዊ'ኮ ሰብ'ዩ ከም ዓለሙ፤   ወዲ 9 ወርሒ ማዕረ ከም ቀደሙ።
ዕጉስ ከኣ ብዝያዳ ልዕሊ ዓቕሙ፤  ብመሰሉ ንዝመጸ ግን በዛ ሪሙ፤
ፍጹም ኣይክእልን'ዩ ተጻሚሙ።  ብቕጽበት'ዩ ዝቕየር ዋሕዚ ደሙ።
ሂወቱ ኣካሉ ከፊሉ በብዓቕሙ፤   ኣለኹ'ዩ ዚብል ኮሉ ተቐዳዲሙ።

*ጥሜት ጽምእን ድኻምን ርዒሙ፤ ከቶ ዘይምለስ ከይፈጸመ ሕልሙ።*
*6ይ ህዋስ'ዩ ዝበሃል ፍሉይ ስሙ፤ ሓይሊ ዝፈጥረሉ ዋላ እንተደኸሙ።*
*ስዉኣትና ብኒሕ እንተዘይትትክሉ፤ ከብዲ ብባዶኡ ገጥ 'ተዘይትብሉ፤*
*ብተወፋይነት 'ተዘይትብጆውሉ፤ ብዓወት ንሓፋሽ 'ተዘይትመናጠሉ፤*
*ንመስዋእቲ 'ተዘይትቀዳደሙሉ፤ ዓለም እናተበራረየ ድኹሙ ሓያሉ፤*
*መን'ሞ ምሰዓሮ ንኸሉ ኣፍሺሉ? ሃገር ሂብኩምና ሂወትኩም ተኸፊሉ!*
*ነጻነት ተኸዲንና ንሓውሩ ክንህሉ፤ ወነንቲ ምርጫና ኴንና እንሕበነሉ።*
*ኣዛዚ ዘይብልና ነቲ ዘይንኣምነሉ፤ ሓቂ ፍትሒ ራኢና ዘራጊ ዘይብሉ።*
*እዛ ብመስዋእቲ ዝመጸት ባንዴራ፤ ኣርማ ሓርነት ንኽብርቲ ኤርትራ፤*
*ካብ ጻት ንጻት ብህዝባ ብሓበራ፤ ከም ውላድ መብጽዓ ማዕሪጋ ከቢራ።*
*ብልባዊ ፍቕሪ ንኽብራ ንሕብራ፤ ዘሚሩላ እናበለ ኤርትራ ኤርትራ፤*
*ደስ ኢሉዎ መሬት ሰማይ ባሕራ፤ ሽዑ ርእየየን ነፍሳትኩም ኪሰራሰራ።*
*ዓወት ሓፋሽ እናጨርሓ ኪዝምራ፤ ጻማ ገድልኹም ብጋህዲ ተነጺራ።*
*ኣዒንተይ'ውን ንኸሉ ዘስተማቐራ፤ ሓጐስ ዝፈጠሮ ንብዓተን ቋጸራ።*
*ሰማእታትና ኣብ ልብና እትነብሩ፤ ቅሰኑ ንዘልኣለም ክበሩ ንሓዋሩ፤*
*ከም ቅዱስ ታቦት'ውን ተሓፈሩ፤ መንፈስኩም ኣብ ገነት'ዩ ሰፊሩ።*
*ዝተቓለስኩምሉ ካብ ምጅማሩ፤ እነሆ ራኢኹም ናብ ጋህዲ ተቐይሩ፤*
*ኣብዛ ቅድስቲ መሬት ተተግቢሩ። ንኤርትራ ዝጻባእ በበይኑ ዝሕብሩ፤*
*ከየዘንግዓና ብመለኮት ትሕብሩ። መራሕትና ብታህዲድ ከይደናገሩ፤*
*ጽንዓት ትህብዎም ከይጠራጠሩ። ክብሪ ኤረ ነባሪ'ዩ ብዓለም ተሓፊሩ።*
*ፍትሒ ነጊሱ መሬት ልምሊሙ፤ እነዉን'ዶ ኵሎም ናብኣ ይቀዳደሙ።*
*ገበትቲ'ኳ እንተፈተኑ ከጸልሙ፤ ሓሶት ንሽንግሱ ሸርሒታት ኪኣልሙ፤*
*ንሓቂ ጸቒጦም እገዳ ከፈጽሙ፤ ተንኰላት እንተፈጠሩ እናደጋገሙ፤*
*ፈታቲኖም ሓድሕዱ ከራጽሙ፤ ፈቓቕ ስኢኖም ዝፈጸሙ ይፈጽሙ።*
*ህዝባ ኣፍሺሉዎ'ዩ ተጻሚሙ። መንጸሮር ኰይኑዎም ክሳብ ዝሓሙ።*
*ግዜ'ኳ ይውሰድ'ምበር ንምስጋሩ፤ በትሪ ሓቅናስ ኣይፈልጥን ተሰቢሩ።*
*ሓሶታቶም ተቓሊዑ'ዩ ምስጢሩ፤ ዋላ ዓሎቕቲ ኪኣምኑ ኣይድፈሩ።*
*ይሓስዉ ጫጭ ይበሉ ይግዓሩ፤ ሓቂ ሓቂ'ያ ትወልድ ውዒሉ ሓዲሩ፤*
*ሓቂ ምስ ኤርትራ'ዩ ቀኒምነገሩ፤ ዋላ'ቶም ገበትቲ ምቕባሉ ይሕፈሩ።*
*ኵሉ ይስዕቦ'ሎ ኣብ ዝነበረ ነይሩ፤ ንዓለምና ንሱ ስለዘዋጽኣ ንሓዋሩ።*
*ጀጋኑ ስውኣትና ብሓበን ይዘከሩ! ዛራ ሓቅን ፍትሕን ኰይኖም ይንበሩ!*

***ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና! ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ! መትከል ኣስመ.***